ዝርዝር ሓቂታት

# ናይ ስድራ ቤት ዓመጽን ግብረ ስጋዊ ዓመጽን እንተጋጢምኩም ሓገዝ ትረኽብሉ መገዲ

*ኣብ ኣውስትራሊያ ተወሊድኩም እንተኾይንኩም ወይ ካብ ካልእ ሃገር መጺእኩም ኣብ ኣውስትራሊያ ትነብሩ እንተለኹም: ካብ ዓመጽን ፍርሒን ነጻ ዝኾነ ህይወት ሃልይኩም ክትነብሩ መሰል ኣለኩም።*

ኣብ ኣውስትራሊያ ናይ ስድራ ቤትን ጾታዊ ዓመጽን ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ተጻዋርነት ዘይወሃቦ ጉዳይ እዩ።

ናይ ስድራ ቤትን ጾታዊን ዓመጽ ዋላ ኣብ ገዛ ይፈጸም ገበን እዩ።

ኣብ ኣውስትራሊያ ዘሎ ሕጊ ንደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ብማዕረ ይጥምቶም። ነፍሲወከፍ እወንታውን ድሕነት ዘለዎን ዝምድና ከሕልፍ መሰል ኣለዎ።

## ናይ ስድራ ቤት ዓመጽ

ኣብ ስድራ ቤት ዝፍጸም ዓመጽ ገበን እዩ። በዓል ቤትኪ ወይውን መጻምድኺ ኣብ ልዕሌኺ ዓመጽ ምፍጻም ማለት ኣንጻር ሕጊ ምኻድ እዩ።

ናይ ስድራ ቤት ዓመጽ፤ ከም መጥቃዕቲ፣ ጾታዊ መጥቃዕቲ፣ ፈኸራ፣ ግዳደ፣ ምፍርራህ፣ ብቓላት ምዝላፍ፣ ምጭዋይ፣ ብዘይ ድልየቱ ሰብ ምክትታል ወይ ከምዚ ዝበለ ንምግባር ምፍታን የጠቓልል።

ናይ ስድራ ቤት ዓመጽ: ኣብ ኣካል ካብዝግበር ዓምጽ ንላዕሊ እንትኸውን፤ ቁጠባዊ ዓመጽ፣ ስምዒታዊ ዓመጽ፣ ናይ ስድራ ቤት ዓመጽ ንምኽልካል ብቤት ፍርዲ ውሳነ ዝተውሃበ ትእዛዝ ምጥሓስን፣ ምዕናው ንብረትን የጠቓልል።

ገለ ካብ ኣብነታት ናይ ስድራ ቤት ዓመጽ እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም:

- ምፍርራሕ ክበጽሓካ ከሎ: ከም ኣብ ኣውስትራሊያ ናይ ምንባር መሰልካ ዝምልከት ምፍርራሕ ክበጽሓካ ከሎ
- ሰብነትካ ምትሕሓዝ፣ ምቕላዕ፣ ምሕናቕ፣ ብጉስጢ ምህራም
- ገለ ነገር ክድርበየልካ ከሎ
- እንታይ ክትርእይ ከምዘለካ ወይውን ክትገብሮ ዘለካ ክንገረካ ከሎ
- ግብረ ስጋ ንኽትፍጽም ምግዳድ
- ካብ ስድራን ኣዕርኽትካን ምፍላይ
- ገንዘብካን ፋይናንስኻን ንምርካብ ምስትንፈግ

## ግብረ ስጋዊ ዓመጽ

ግብረ ስጋዊ ዓመጽ ብዙሕ ዓይነት ዓመጽ ዘለዎ ኮይኑ: ከም ብዘይፍታውካ ዝግበር: ዘሰምብርን ሃሳዪ ግብረስጋዊ ምፍሳስ፣ ምትሕሓዝ: ግዳደ፣ ሓይሊ ተጠቒምካ ግብረ ስጋ ምፍጻም። ዓመጽ ግብረ ስጋ ገበን እዩ።

## ደገፍ: ሓገዝን ሓበሬታ ምርካብ

ናይ ስድራ ወይ ናይ ግብረ ስጋ ዓመጽ ዘጋጥመካ/ኪ እንተልዩ ንዓኻ/ኺ ዝኸውን ሓገዝ ከምዘሎ ምፍላጥ ኣዚዩ ኣገዳሲ እዩ። ብዛዕባ'ቲ ኩነታት ከተዛርቦም/ዮም ትኽእልን ብዛዕባ ዘለካ/ኪ ኣማራጺታት ምስኦም ኮይንካ/ኪ ክትዝቲ/ዮ ዝኽእሉ ሰባት ኣለዉ።

እቲ ዓመጽ ዝፈጸመ ንስኻ/ኺ ኣይኮንካን/ክን። ንስኹም ኣይኮንኩምን ከም በዳሊ ክትቁጸሩ ዝግባእ።

ዓመጽ ዘጋጥሞ ሰብ ትፈልጡ እንተኾይንኩም ወይ ትጥርጥርዎ እንተልዩ ሓበሬታ: ምኽሪን ደገፍን ዝህቡ ናይ ደገፍ ኣገልግሎታት ኣለዉ።

## ናይ ደገፍ ኣገልግሎታት

ነዞም ወሃብቲ ኣገልግሎት ኣብ ትረኽብሉ ናይ ምትርጓም ሓገዝ ንምርካብ ናብ ወሃቢ ኣገልግሎት ትርጉምን መስተርጓማይን (TIS) ብ 131450. ደውሉ፡

ኩሉ ዝግበር ናይ ተለፎን ምድዋል ናጻ እንተኾውን ብምስጢር እዩ ዝተሓዝ።

ኣብ ናይ ህጹጽ ሓደጋ እንተለኹም ብ (000) ናብ ፖሊስ ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም

ፖሊስ ኣብ ኣውስትራሊያ ዉሑስን ክእመን ዝከኣል እዩ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ

ተወሳኺ ሓበሬታ ነቶም ናብ ኣውስትራሊያ ዝመጹ ደቂ ኣንስትዮን ተባዕትዮን ከምኡ'ውን ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ስድራ ቤት ዓመጽ ዝምልከት ናይ ኣውስትራሊያ ሕግታት ብ 46 ቋንቋታት ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ክጸንሓኩም እዩ። **www.dss.gov.au/family-safety-pack**

ናይ ስድራ ቤትን ጾታዊ ዓመጽን ትኽክል ኮይኑ ኣይፈልጥን።

ገዛእ ርእስኹም ወይከኣ እትፈልጥዎ ሰብ ብናይ ስድራ ቤት ዓመጽ ዝተሃስየ እንተሎ፡ ንዉሑስ ኣብ ገዛ ናይ ስድራ ቤት ዓመጽ መልሲ ዝህብን ዝመርሕን መስመር (Safe at Home Family Violence Response and Referral Line) ብቁጽሪ 1800 633 937 ደውሉ።

ገዛእ ርእስኹም ወይ ካልእ ትፈልጥዎ ሰብ ብጾታዊ ዓመጽ ዝተተንከፈ እንተሎ ናብቲ ብደረጃ ክፍለ ግዝኣት ዘሎ ግብረ ስጋዊ ዓመጽ ቅልውላው መስመር (Statewide Sexual Assault Crisis Line) ብቁጽሪ **1800 697 877** ደውሉ። ኣብ እዋን ህጹጽ ወትሩ ብ **000** ደውሉ

**ኣብ ህጹጽ ኩነታት 000 ደውሉ**

ብዛዕባ ናይ ስድራ ቤት ዓመጽ ምኽሪን ደገፍን ኣገልግሎት
**1800 608 122**
*ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ፡ ካብ ሰዓት 9 ናይ ንግሆ ክሳብ ፍርቂ ለይቲ*
*ኣብ ቀዳመ ሰንበትን መዓልታት በዓልን ካብ ሰዓት 4 ናይ ምሸት ክሳብ ፍርቂ ለይቲ።*

ኢንጀንደር ኢኳሊቲ (Engender Equality)
**(03) 6278 9090**
*ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ፡ ካብ ሰዓት 9 ናይ ንግሆ ክሳብ 5 ናይ ምሸት*
*Outside hours by appointment*
www.engenderequality.org.au

ዉሕስ ምርጫታት (ሴፍ ቾይስስ)
**1800 806 189**
*ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ፡ ካብ ሰዓት 9 ናይ ንግሆ ክሳብ 5 ናይ ምሸት*
www.safechoicestas.org.au

ኣገልግሎት ደገፍ ጾታዊ ዓመጽ
(ሰክሹዋል ኣሳውልት ሳፖርት ሰርቪስ (SOUTH)
**(03) 6231 0044**
*ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ፡ ካብ ሰዓት 9 ናይ ንግሆ ክሳብ 5 ናይ ምሸት*
www.sass.org.au

ለውረል ሃውስ
North **(03) 6334 2740**
North West **(03) 6431 9711**
*ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ፡ ካብ ሰዓት 9 ናይ ንግሆ ክሳብ 5 ናይ ምሸት*
www.laurelhouse.org.au

ድሕነት ኣብ ናይ ገዛ ዝህሉ ዓመጽ መስመር መልሲን ምርሒትን
**1800 633 937**
*24 ሰዓት ክፉት እዩ፡ ድሕሪ ናይ ስራሕ ሰዓታት ብቐጥታ ናብ ፖሊስ ታስማንያ ፖሊስ ደውሉ።*

ብሃገር ደረጃ ናይ ጾታዊ ዓመጽ ቅልውላው ናይ ደገፍ መስመር
**1800 697 877**
*24 ሰዓት ክፉት እዩ*

1800RESPECT: *(ረስፐክት)፡ ሃገራዊ ጾታዊ ዓመጽ፡ ዘቤታዊ፡ ናይ ስድራ ቤት ዓመጽ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት።*
**1800 737 732**
*24 ሰዓት ክፉት እዩ*
www.1800respect.org.au